# *ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ጊላነት።*

### *ምኽዕባት ገንዘብን ንብረትን ብኽልተ መዳያት።*
### *(ካብ ውሽጥን ግዳምን)*

ነፍስ-ወከፍ ላህጃ ወይ ቋንቋ ናይ ባዕላ መግለጺ ኣለዋ። ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን ፊደላትን'ውን ከይተረፉ ካብቲ ናይ ጽሑፍ ቅርጺ ዝመሃዙ ስነ-ጥበባውያን ረቂቕ ስምዒቶምን ንሓደ ወይ ሓንቲ መግለጺቶም ዝደረኸት ጠብላሕታን ኣምርን ዝተቐርጸ ጥራይ ኢያ ናብ ምምሃዝ ኣብጽሓቶም ክትከውን ትኽእል። ካብ ቅርጺ-መሬትን፣ ወይ ናይ ክሊማ ጠባይን ናይ መነባብሮ ልምድን ባህልን ዝተጸልወን ዝተበገሰ'ውን ክኸውን ይኽእል። እቲ ብህዋሳት ዝቐርብ ምልክታታት ብርግጽ ንዘረባ ዝቕድም ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኢዩ። ገጽ ኣእዳው ከምኡ እውን ኣዒንቲ ከናፍር ከይተረፉ ናይ ቋነቋ መበገሲ ክኾና ይኽእላ። ንበል ኣብ ዱር ዝበዝሐ ከባቢ ዝነብሩ ህዝብታት ምስ ኣግራብን ኣዕጫውን፣ ቆጥቋጥን ጥሻን፣ ለምዕን ሻኻን ዝተመርኮሰ ትርኢታት ዝመርሖ' ስምዒት ንኣካላትና ስለ ዝትንከፍ ደስታ ዝዓሰሎ ኣካላዊ ምቁጽጻይ ዝፈጥሮ ክኸውን ይኽእል። ምስ እምነትን ዘሰነዮ መዝሙራት ኮነ ማህሌታትን ቅኔን ቅኒታትን ነቲ ንልዑል ህያው ፈጣሪ ወይ ረቢ ዘመስግን ዜማታት ዘሰነዮ ይኸውን። ምስዘን ዝተጠቕሳ ዝተታሓሓዘ ምስልን ውቃጦን ስልምን ጥራይ ዘይኮነስ ናይቲ ዘይርኣን ዘይድህሰስን ብመንፈሳዊ ርቕት ዝርእE ሕልምታት ትርጉም እውን ይኸውን። ወይ ምስቲ መኣዛን ወዝን ናይ መሬትን ግርማን ዝሃነጸ ኣካላዊ ጥንካሬ ይኸውን'ቲ መበገሲ። እንድዒ እቶም መሃዝትን ቀረጽትን ኣቦታትናን ኣደታትናን፣ ንስምዒትና ንከባቢና ንገልጸሉ ብመጀመርያ ዘረባ ቀጺሉ ጽሑፍ ዝገደፉልና። እቶም መሃዝቲ ካብ ስነ-ጥበባዊ ምህዞታቶም ጸጽቡቕ ናይ ከባቢኦም ጥራይ ለባም ውርሻ ዝለገሱና። ትብዓትን መቐረት-ሓቅን ኮነ ማሕበራዊ ሓላፍነትን ፍናን ሓቦን ኣልቢሶምና ዝሓለፉ። ባህልናን ፍትሓዊ ሕግታትናን ናይ ኣሰራርዓ ኣገባባትና እውን ከይተረፈ፣ ነቲ ማሕበራዊ ህይወትና ሓላይን ተሓላይን መስመር ዘስነቐዎ። ስዉእት ጀጋኑና ካብዚ ኩርናዕ እዚ ተበጊሶም ኢዮም ብመስዋእቶምን ተግባራዊ ስርሒቶምን ዓጽሞም ከስኪሶም ደሞም ኣፍሲሶም ንውርሻና ሞሳዊ ዝገበርዎ። እዚ እቲ ጽቡቕ መዳይ መግለጺና ኢዩ። ተፈጥሮ ዝዓደለትና ኣእምሮ ካብ ዓይንን እዝን ወይ ብምድህሳስ ዝቐርብ መጠንቀቕታ ረኺባ ቅጽበታውን ኣወንታውን መልሰ ግብሪ ትወስድ። ብኣንጻሩ ዘይጥዑይ ኣእምሮ ግን ኩሉ ትወስዶ ስጉምቲ ጉጉይን ጽዩቕን ዝኸውን። መራሕን ኣእምሮን ተዛማዲ ዕማም ኣለዎም። ንዓና ግን እቲ ዕቡድ ኣእምሮ ኢዩ ኮይኑ ብጽሒትና። ብሓጺሩ ጽዩቕ መራሒ ማለተይ ኢየ። እሞ እቶም ንምራሕከ ንነብሰ-ምድሓን ስጉምትና እንታይ ክመስል ኣለዎ'?

ምስቲ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ኣወንታዊ ህንጸትና ተላሒጉ ኣብታ ብደም ዝፈረየት ሰውራዊ ግራትናን መጋሃጫናን ሰውሕና ዝቦቐለ ተሓግን ሙግያን፣ ግን ክጸህ ዝነበሮ እንሆ ንናይ ምዕባለ ፍረና ከም ዓዳር ኮይኑ ሓኒቕዎን ኣህጊጉዎን ይርከብ። ኣብ ጸሓይ ብራቕናን ኣብ ልዙብ ምዕራብን ዋግን ጣቓን ዝኾነ ፍጥረት። ዝተሰርቀ ሰብ ካብ ሃለወ ሰራቒ ዝብል መግለጺ ምህላው ዝከሓድ ኣይኮነን። ሰራቒ እንስሳ ወይ ሰብ ክኸውን ይኽእል። ብርግጽ እንስሳ ናይ መስረቒ ሕጊ ኣየውጽእን። እቲ ዝኸፍአ ናይ ስርቂ ዓይነት ኣብ ናይ ምምሕዳር ስልጣን ኮፍ ኢሉ ዝፍጸም ምስ ዝኸውን ኢዩ። መላእ ሃገርን ህዝብን ኣብ ዝኸፍአ ናይ ጊላነት ጸፍሒ ዝሸመም። ኣብ ኤርትራ ብመደብ ኢዩ እቲ ናይ ጊላነት ወፈሪ ዝተኻየደ። ኩላህና እውን ኣየስተብሃልናሉን'ዶ ክንብል ይሓይሽ? ሃገርና ገና ውልዶ ብምንባራ፣ ኣብ ናይ ዓለም ቁጠባዊ ወይ ምጣነ-ሃብቲ ኣሰራርሓ ተኻፈሊትን ኣካልን ኮይና ስለ ዘይጸሐት፣ ባ|ዳዊ መግዛእቲ ምስ ካልኦት ሃገራት ክህልወና ዝነበሮ ዝምድናና ኣዝዩ ኢዩ ደሪትዎ። ንባዕዳዊ መግዛእቲ ከነወግድ ስጉምቲ ወሲድና። ማዕረ ምስቲ ናይ ብረታዊ ቃልሲ ግን ቅጥፈት ዝወለዶ ውልቀ ሰብ ተሞኽልዩ ኣትዩ። ሓደ ጥራይ ኣይነበረን ዝብል ትንታኔ ከወሃብ ይኽእል። ግን ብጸይቀ-ግኑን ተግባሩ ዝተዓወተ እንኮ ኢሰያስ ጥራሕ ኢዩ። ናይ ግዳም ተሓባባርቲ ምንባሮም ገና ናይ ዘይተበርበረ ውዲት ኣሎ። ከይብርበር ካብ ሱሩ ተኸታቲሎም ንህዝቢ ጭብጥታት ክሕብሩ ዝነበሮም ብሜላ ከይሓበሩ ብዙሕት ይሓልፉን ይሃሱ ኣለዉ። ናይ ምህሳስ ስጉምቲ ብናይ ውልቀ ሰብ መደምሰስ፣ ኣጥፍእ ዝብል ገበናዊ ተግባራቱ ብተኻታታሊ ቀጻሊ ትትግበር ኣላ። ነዚ ንምኽሻሕ ዝዋፈር ትጉህ ግብረ-መልሲ (Reaction) ከም ሞዛይክ ነዲቕካን ኣላጊብካን ብዳህሰሳ ምጽራዩ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ጥራይ ክኸውን ዝኽእል። ካልእ ኣማራጺ መንገዲ ድማ የለን።

ዑስማን ሳልሕ ሳበ ሓደ ካብቶም ሃናጺ ግደ ዝተጻወቱ፣ ብፍላይ ኣብ ናይ ወጻኢ ጉዳይና ደገፍን እዕሩኽንን መሓዙትን ንቃልስና ክሳብ ምስ ናይ ከባቢና ሃገራትን ምትእስሳር ዘካየድ ሓርበኛን ጅግና ኣቦና ኢዩ። መዛግቡን ሰነዳቱን ክርከብ ናይ ግድን ክኸውን ዘለዎ ዕማም ሰውራና ኢዩ። ናይ ካልኦት

እውን ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ከም ሃብቲ ሃገርን ህዝብን ክስነድ ኣለዎ። ውርሻና ስለ ዝኾነ። ሕጂ'ውን ከምቲ ኣብ 1979 ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከም ከዳዕ ዝረኣየሉ ዝነበረ ስሙ ኣልዒላካ መናፍሕ ተካይድ ተባሂለ ክሳብ ናይ ሞት ዝተፈረድኩሉ ናይ ጀልሃንቲ ምንቅስቓስን ኣኼባን እሞ ልዕሊ 500 ተጋደልቲ ዝምስክርዎን ዝተኻፈልዎን ሓቂ ኢየ ዝደግም ዘለኹ። ሽዑ እውን ካብተን ልዕሊ 30 ዝኾና ኣብ ልዕለይ ዝቐረባ ክስታት ከም ውግእ ሓድሕድ ብሻዕቢያ ኢዩ ተጀሚሩ፣ ስለትዊ ምዝላቕ ዝበሃል መግለጺ ሓሶት ኢዩ፣ እቲ ሓቂ ደርጊ ስለ ዝስዓረና ኢና ኣንሳሒብና ኢልካ ዝብላ ክስታት ኢየን ናብ ናይ ሞት ፍርዲ ኣብጺሐናኒ። ኣብ ክንዲ ብካልኦት ዝጸሓፍ ብተኣምር ስለ ዝደሓንኩ እንሆ እዋኑ በጺሑ ጨሊፈ ክገልጽ ጀሚረ። ግን ሕጂ ኣተኩሮይ ናብኡ ኣይኮነን ከድህብ። እቲ ክፋል ፍጻሜ ናቱ ርእሱ ዝኸእለ ዝኽኣለ መድረኽ ኣለዎ። ሓቂ ኣብ ዘይትግለጸሉ እዋን ዘጋጠመኒ ሕሱም ጸልማት እንዳ ተገልህን እንዳ ነጸረን ይመጽእ ኣሎ። ኩሉ ስክፍታይ ተኣልዩ ሃደሽደሽ ዝብለሉ ብምብጽሑ ምስጋናይ ንልዕሉ እምላኽን ንኹሎም ተቓለስትን የመስግን። ተዓቢጡን ተዓብዒቡን ዝተርፍ ታሪኽ ስለ ዘየለ።

ምንቅስቓስ መንካዕ፣ ምንቅስቓስ ደሳዊ ሰልፊ ብብጻይ ጎይትኦም፣ ናይ የሚን ምንቅስቓስ ብሰለሙን ወልደማርያም እንዳ ተባህለ ክንደይ መንእሰይ ኣብ ሜዳ ተማሕዩ። ፈላሚ ቀንዲ ዕማምና ሃገርና ካብዚ ዘላቶ ከመይ ነድሕና ዝብል ሕቶ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ። ብፍላይ ኣብቲ ምንቅስቓስን ናይ ጀልሃንትን ስፍሕ ዝበለ ጽሑፋተይ ከም መጽሓፍዶ ወይ ከም ፍንው ኣብ ኢንተርነት ክገልጸ ዝብል ማንታ መንገዲ ሒዘ ኢየ ጸኒሐ። ንዕኡ ንግዜ ገዲፈ ሕጂ ኣብቲ ናይ ቁጠባ ቅጥፈት መዳይ ከምርሕ ይሓይሽ እብል።

ኢሰያስ ኣብ ሽንጥሮታት ዝዓበየ ርጉም ሓኽሊ ድሙ ኢዩ። በይኑ ሃዳኒን ጎባጢን። ነቲ ክበጽሖ ዝደሊ ዕላማ ኣቐዲሙ ሓበሬታ መአከቢ ዝኾኖ ምልክታት ይሰድድ። እቶም ግዳይ ዝኾኑ ልኡኻት ኣብ መጻወድያ ከይተረድኦም ይንዝንብዩ። ባዕሎም እቶም ሉኡኻት ዝተላእክዎ ዘብጽሑ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ሓቀኛ ተልእኮ መሲልዎም ክሳብ ህይወቶም ዝኸፍሉን ኣብ ገለ እውን ንገለ በገርሆም ዝተፈጸመ ከየውጽእዎ መታን ክሕባእ ተባሂሉ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ምስ ኣተዉ ብዘይ ፍርድን ፍትሕን ይጠፍኡ። ንኽስውሩ ንሓለዋ ሰውራ ክልኣኹ ከለዉ ናብ ካልእ ዕማም፡ ጠፍ ልኡኻት ኮይኖም ይዋፈሩ (Mission to the river of no teturn)። ናብቲ ዝለኣኹም ተመሊሶም ኣይፈልጡን። ገለ ገለ'ውን ይቀንጸሉ ዝብል ጽሑፍ መቀንጸሊኦም ሒዞም ግን ብጣዕሚ ተጠራጢሮም ነታ ጽሕፍቲ ከፊቶም ብምንባብ ነብሶም ዘድሓኑ ኣብ ኤውሮጳ ስለ ዘለዉ፣ ባዕሎም ክገልጽዎ መሰሎም ሓሊኻ ክትጽበ ትግደድ እንበር ህልዋት ኣለዉ። ኣቐዲመ ሓደገኛ ስጉምቲ ወሲደ ዝመዓድክዎም ሰባት ግን ዘይሰምዑ ብምንባሮም ተመሊሶም ዳግም ኣብ ጸበባ ምስ ወደቑ ልቢ ገዚኦም ዘምለጡ መሰኻኽር ኣብ ዓዲ እንግሊኢዝ ኣለዉ። ነቶም መጥፊኢኦም ሒዞም ዝኣተዉ ግን ኣብ ሓለዋ ሰውራ ዝፈልጦም ሰብ ምስ ዝርከብ ንሱ እውን ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ትኣቱ። ትኩር ሰብ ንኹሉ ከም ዘይፈልጥ ኮይኑ ክንቀሳቐስ ዝሓሸ ኢዩ። ይተሓባእ እንበር ኩሉ ምስጢራት ነቓዕ ኣለዎ። ናይ መንካዕ ጉጅለ ምስ ካልኦት ናይ ስለላ ጥርጡራት (ሲኣይኤ ኢትዮጵያ ወይ ጀብሃ ዝሰደደቶም) ክቐንጸሉ ተሰሪያም ካብ ሓለዋ ሰውራ ተኸቢቦም ዝኸዱሉ ሰዓት ዝተዓዘብና እሱራት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ዝተቐንጸሉሉ ግዜ ካብቶም ኣኺቢቦም ዝተዋፈሩ ተጋደልቲ ሎሚ ኣብ ስደት ብህይዎቶም ኣለዉ። ተራኺብና ስለ ዘለና ድማ ንሳቶም ናይ ፍጻሜ ግዳይ፣ ንሕና ድማ ከም እሱራት ኣብ ሓደ ናይ ተቓውሞ መድረኽ ኣለና። እዚ ዓቢ ዓወት ኢዩ። ሓቦ ክህሉን ክሉ ክወጽእን ናይ ግድን ይኸውን። ምስ ነፍስ-ወከፍና ዕቑር ህዝባዊ ታሪኽ እሞ ውዕዉዕ ደም ዝፈሰሶ ገበን ሒዝና ንነብር ኣለና። ኩሉ ይዘርዘር ኣየርና ሃገርና ማሕበራዊ ህይወትና ክጸሪ።

ብፍላይ ኣብ ቁጠባዊ መልእኽቲ ገለ ናይቲ ዝተላእክዎ ንእሽተይ ጉዳይ በርቢሮም ምስ ዝርከቡ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ትኣቱ። እቶም ርኢኻዮም ዘይትፈልጥ ሓደስትን ቀንጸልትን ንብርክት ዝበሉ እሱራት ኮብኪቦም ክወስድዎም ንስኻ እውን ከም እሱር ኮንካ ምስ ትርኢ ተራይ መዓስ ኢዩ ዝብል ሕቶ ለይትን ቀትርን ይድቀነካ። ገለ ሳዕ እውን ሕጅስ ተራይ እንተ ዝኸውን ክዓርፍ ትብል። ናይ ስቕያት ስቅያት። ዝበጽሖ ጥራይ ዝፈልጦ መከራ። ሰብ ዝቐበሮ ምድሪ ነገሮ ዝብልኹም እዚ ኢዩ። ግዜ ይወስድ እንበር ሰብ ጠፊኡ ኣይጠፍን ኢዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ካልእ ኣነ ዝሓዘነሉ ጉዳይ ምስ ዝህሉ ድማ፣ ንኩነታት ከይተጻወሩ ናብ ናይ ጸላኢ መስመር ኢዶም ዝብቡ ኢዩ። ጉጉይ ሕንጻጽ ስለ ዝተሳገሩ እንበር ገበነኛታቲ ኢዮም ኣይኮነኩን ዝብል ዘለኹ። ዝደፍኦምን ዘሰሓሓቶምን ንምግምጋም ንሓጺር እዋን ትንፋሶም ውሒጦም ካልእ ኣማራጺ ስጉምቲ ከይሓሰቡ፣ ብፍርሕን ራዕድን ሽበራን ዘይደለይዎ ዘይርትዓዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ዘይመስመሮም ኣልይዎም። ጸላኢ እውን ሓበሬታ ክረክብ ዘስዕበሎም ኣካላዊ ግፍዒ ልዕሊ ዓቕሞም ክኸውን ይኽእል። ናብ ስድሮኦምን ናብ ህዝቦን ዘምጽኦ ሳዕቤን ኣዝዩ ከቢድ ክሳራ ይኸውን። ካብ ስድርኦም ክፍለዩ ከለዉ ዘይተጸበዮውን ዘይሓሰብዎን መደምደምታ ደድሕሪኦምን ክሳብ ናይ ህይወት መፈጸምታ ዘይጽወር ሰኸም ይኸውን። ኣብ ናይ ጸላኢ ደንበ ስለ ዘይኣተኹ ነቲ ዝበጽሖም ክገልጾ ኣይክእልን። እዚ ብወገን እቶም ኣዝዮም ናይ ህይወት

*ተመራመርቲ ዝግምገም እንበር ህዝባዊ ግምት ዝወሃቦ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ወገነይን ናተይን ዝበልካዮ ውድብ ክሳብ ክንድዚ ማሕበራዊ ፍልሰት ከስዕብ መን ሓሲብዎ ይፈልጥ። ህዝቢ እውን ብዓሰርተ ወይ ብሚእቲ ዘይኮነስ በኣሽሓት ኣብ ሑቕፉ ከም ዘለዉ እንዳ ፈለጠ ብጃምላ ከድዓት ኢሉ ክሓቶም ኣይሃቀነን። እቶም ንናጽነት ወፊሮም ካብቲ ዝመደብዎ ዕላማ ዘቋረጹ ስለምንታይ ተኣልዮም? ህዝቢ ዘይፈልጦ ጉዳይ እውን ኣሎ። ግን ፍናኖምን ሞራሎም ንምምላስን ብኻልእ መዳይ ድማ ንውሽጣዊ ናይ ቃልሱ ስእሊ ንምርካብ ክንዲ ዝሓቶም ከም ፈራሓትን ጃጀውትን ገይሩ ይቃናጠወሎም። ዓቢ ተመክሮ ዝህብ ጉዳይ ስለ ዘየቕለበሉ እንሆ መልእኽቱ በርዒኑ ይርከብ። ህዝቢ ባዕሉ ግዳይ ናይዚ ኹሉ ኮይኑ ድማ ንሱ ይጻወሮ ኣሎ።*

*ኣብቲ ሓምሻይ ተኻታታሊ ጽሑፈይ ገለ ምስ ጸላኢ ዝተገበረ ዝመስል ጭብጢ ከቕርብ ክፍትን ኢየ። ምስ ቤተ ሰቦምን ስድርኦም ዘቃሓሕር ዕረ ዝነስነሰ ወድብ ውሉድ ምስ ውላዱ ከም ዘይረዳዳእ ምፍጻሙ እቲ ዝተረኽበ ጥራይ ኢዩ ዝፈልጦ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ ሓደ ተራእዩ ዘይፈልጥ ግፍዒ ዝተፈጸሞ ሰብ እሞ ኣዝዩ ንሃገር ዘድሊ ምሁርን ምኩርን ካብ ናብ ህይወቱ ክበጽሕ ዝኽእል ፍጻሜን ግፍዒን ኣምሊጡ ዝመጸ ጅግና ባዓልቲ ቤቱ ንወድብ ገዲፍካ ካብ ትኸይድ በዓል ቤተይ ኣይኮንካን ኢላ ኣብቲ ዘለዎ ናይ ስደት ቤት ኣብ ሱዳን መጺኣ ክትፋታሕ እዝክር። ሓብቱ እውን ንሓደ ክንደይ ክሳራታት ዝተሰከመ ጅግና ኣብ ዓዲ ጥልያን ዝገደፉ ፓስፖርትኡ ስደድለይ እንተበላ ኣብታ ዘለኻያ ሱዳን ክትበሊ ኣለካ ኢላ ከም ዝጨከነትሉ'ውን እፈልጥ። ካልእ'ውን እዚ ናይ ዶብ ኩናት ውድብና ኢዩ ጀሚርዎ። መንግስትና ክንቀጽዕ ምተገባኣና ንዝበለ ሓው ድማ ሰበይቱ ዓጋመ ክትብል ኣብ ክንደይ ንስድራ ቤት ዘፋትሕ ወጥሪ ከም ዝኣትዉ እውን እፈልጥ። እቲ ሓው በቲ ጽዩፍ ትምክሕታን ዕሽነታን ሓዚኑ ንደቁ ክብትን ዘይምድላዩ ጥራይ ኢዩ ነታ ስድራ ደው ከብላ ዝኸኣለ። ትምህርቲ እታ ሓብትና ካብ ህግደፍ እንበር ካብ መን እሞ ክኸውን። ዓጋመ ክበሃል ከሎ ሓደ ናይ ዓቢ ህዝቢ መጸወዕን ታሪኻውን ከም ዝኾነ ዘይምፍላጣ ጥራይ ዘይኮነስ ካብቲ እኩይ ፕረዚደንት ኢየ በሃላይ ዝተቐነነ ፍሕሶ ከም ዝኾነ ዘይምፍላጣ ኢዩ ዘሕዝን። ርኹስ ተግባር ናይቶም ዘይተጸበይዎን ዘይተኣደነን ዘይሰውራዊ ጠባይን ባህርን ንደገፍቲ ወድብ ወይ ተቓወምቲ ነጊረ እንታይ ፋይዳ ክህልዎ ይኽእል? ብዝብልን ብሓርቐትን ናብ ደርጊ ኣትዮም ሓቂ ዝነገሩስ ነይሮም እንድዮም። ሓደ ናብ ስደት ዘምረሐ ግን ናብ ጸላኢ ኢዱ ዘይሃበ ስሙ ንግዝይኡ ክጠቕሶ ዘይደሊ ብጻይ ሓላፊ ናይ ሓለዋ ሰውራ ዝነበረ ሰብ በዚ ጉዳይ እዚ ኣዛሪበዮ ነይረ። ኣብ ትሕቲኡ እሱር ስለ ዝነብርኩ። ከምኡውን ኣብ ትሕቲ ሃይለ ጀብሃን ተኸላይ ዓደን ዳዊት ሃብቱን ተኣሲረ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሞት ኣሕሊፈዮ። ሃይለ ጀብሃ ምስጢር ከየውጽእ ምስ ሰለሙን ወልደማርያ ብሓባር ብኢሰያስ ተቐንጺሎም። ዳዊት ሃብቱ ከም ፈራዳይ ኣብቲ ድነበ ጥፍኣት የገልግል ኣሎ። ተኸላይ ዓደን ግን ኣብቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኣተወሉ ብተለቪዥን ኮነ ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ገለ መግለጺ ሂቡ ነይሩ። ብርግጽ ንሱ ዝፈልጦ ሒዝዎ ዝጠፍአ ምስጢራት ካብ ንኢትዮጵያ ወይ ንደርግ ዝያዳ ንዓና ዘድልያና ኣሎ። ብፍላይ ንብዙሓት ስድራ-ቤታት። እዚ ሽፍታ ጉጅለ ኣስማት ፈጺሙ ኣይጠቅስን ኢዩ። ክሳብ ዕለተ ግብኣቱ እሞ እንታይ ክብል። ናይ ተኸላይ ዓደን ገለ ከም ብቓል ወይ ድማ ብጽሑፍ ዝሃቦም ሰባት እንተዝርከቡ ክንደይ ጭብጥታት ምተገልሀ።*

*ህዝቢ እውን እንተኾነ ነቲ ሓቂ ዝፈልጥ ሰብ ሓቅታቱ ከውጽእ ዘተባብዕ ባይታ ኣየፍቀድን ጥራይ ዘይኮነስ ከውሕስ"ውን ኣይክእልን ዝብል ግምት ናይ ብዙሓት ገለጽቲ ኣረኣእያ ኣይተሳእነን። ምስጢራትና ኣብ ጉድጓደ ከበሊ ተፈሪዱ። እቶም ክሕብሩ ዝደልዩ ሰባት እውን ናይ ብጾቶም ጉድ ተሰኪሞም ብስቅያት ክነብሩ ስለ ዝመረጹ ናይ ንጹሃት ኣስማት ክረክብዎ ኣይክእሉን። ሰውራ ብህዝባ ኣይተወነነትን። ታሪኽ ዝሰርሑ ጀጋኑ ስመ-ኣልቦ ኮይኖም ጠፊኦም። ኣብ ናይ ኣስመራ መዛጋጃ-ቤት ዝሓተተት መንእሰይ ጓል ክዝክር ከለኹ ነብሰይ እጽልእ። ሃገረይ ፈትየ ንጹህ ሓወይን ንጽህቲ ሓብተይን ኣሕሊፈ ክህብ ማለት ዲዩ? ኣበይ ደኣ ኣላ እታ ፍቕሪ ሃገር? ካብ ክልቲኦም ትንጽል ሃገር ማለት ዶኾን ይኸውን? ፍትወት ኢሰያስ!!!!!!!! እቶም ህልዋት ሰማእታትን ስውኣትን ማለት ምስ ህይወቶም ከለዉ ሓቂ ሒዞም ዝነብሩ ዘለዉ፣ ኣብ ንእስነቶም ዘይተኣደነ ግፍዕን ጭካነን ክካፈሉ ስለ ዝተገደዱ፣ ምስታ ገና ኣብ ጭልግዕ ህይወቶም ዝተፈጸመ ገበናት ተኻፈልቲ ገይሮም ስለ ዝወስድዋ ክሳብ ህይወቶም ተብቅዕ ብውሽጣዊ ስቅያት ይነብሩ። ኣብቲ ጉዕን ሰዊትን ህይወቶም ብትእዛዝ ኢዶም ክሕውሶ ዝደፍኦም ገና ብህይውቱ ከሎ ባዕልም ነቲ ዘፍርዮምን ዘዕበዮምን ህዝቦም ሓቂ ተዛሪቦ ክሕስዎ ደጊመ ደጋጊመ እላቦ። እዞም መንእሰያት ኣብ ክንዲ ምስ ጸላኢ ዝገጥመኡ ህይወት እሕዋቶምን ኣሓቶምን ክቐዝፉ ዝተገደዱ ኣባላት ሓለዋ ሰውራ ኢዮም። ሕጂ እውን ገና ገበን ይፍጽም ኣሎ። መግትኢ ሓቂ ምስ ዝወጽእ ጥራይ ኢዩ። ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ወይ ሓለዋ ሰውራ ዝረኣኽዎም ንኡስ ዕድመ ዘለዎም መንእሰያት ኢዮም ነይሮም። ይትረፍ ንየኦምስ ነቲ ከማይ ዝረኣዮም እውን ስቅያት ጓህን ኢዩ እንተበልኩ ካብ ሓቂ ኣይረሓቕኩን።*

እወ ህዝቢ እውን እኮ ክንቀፍ ይግብኦ ኢዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ጽላል ኦም ኮፍ ኢሎም ዝዳነዩሉ ኣገባብ፣ ንጉጉይ ዓገብ ዝብሉ ወለዲ እኮ ኢዮም ኣፍርዮምና። ሓሞትን ትብዓትን ኣውሪሶሙና፣ ንጸላኢ መኪትና ሎሚ ኣምዑትና እንታይ ዘረጎ? ገለ ጃጅዩ ገለ ድማ እምነት ኣብ ሓደ ሰብ ስለ ዝገበረ፣ ቁሩብ ሓበሬታ ክትህብ ከለኻ ከም ከዳዕ ገይሩ ስለ ዘቕርበካ፣ ክሳብ ክንደይ ኢዩ እዚ ህዝቢ ንኹሉ ሓቅታት ክግለጽ ዘይደሊ? ብጣዕሚ ዝሃሲን ዝቐብርን ሕማቕ ባህሪ እጥርዩ ዝብል መደምደታ ክትወስድ ይደፉካን ይሓቕየካን። ግዳይ ናይዚ ጭብጥታት ከይትኽውን ክትብል ድማ ብጥንቃቑ ምንባር ተመሊሱ ናይ ጭንቅን ስነ-ኣእሙራዊ ጸገም ይፈጥረልካ። ንኹሉ ዝተሰወሮ ህዝብኻ ክትጸልእ ስለ ዘይትደሊ ዓው ኢልካ ዘይበኽዮ ሞት ሕጹይ ይኾነካ። ኣብ ሓደ ኣኼባ ንብዙሕ ዝተዓዘበ ምሁር ሰብ ተኻፊሉ ነይሩ። ኣብ ኩሉ እቲ ዝተኻየደ ሰሚናር ሓንቲ ቃል እውን ኣየተንፈሰን። እተን ኣብ ኤውሮጳ ውክልና ዘለወን ወይ ድማ ቤት-ጽሕፈት ዘለወን ናይ ተቕቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኣብቲ ሰሚናር ብወከልተን ተኻፊለን። እዚ ዝጠቕሶ ዘለኹ ሓው ብዙሕ ኣይተዛረበን። ኣብ መወዳእታ ድማ ነዛ ትስዕብ ርእይቶ ሃበ። ከምዚ ድማ በለ፣ *,,ንኢሰያስ እፈልጦ፣ ንሃገረይ እውን ኣፍቅር። ግን ንኣስመራ ወይ ንኤርትራ ከይደ ኣይፈልጥን። ኮይኑ ግን ድሕሪ ነዊሕ እዋን ክኸይድ መዲበ። ኣብ ኣስመራ ብሓጺሩ ኣደይ ሎዑል ፍቕሪ ሃገር ዘይኮነስ ልዑል ፍቕሪ ኢሰያስ ከም ዘለዋ ተዓዚበ። ደቂሳ ተሲኣ ካልእ መልኣኽ ኣብ ሓንጎላ የለን። ኮይኑ ግን ንምንታይ ከም ትፈትዎ ክተረድኣኒ እንተ ሓተትክዋ ክሳብ ካብ ገዛ ክተውጽኣኒ ከም ዝመደበት ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ግን ንኹሉ ሽለል ኢለ ክሓልፎ መዲበ። ዝኾነ ክይኑ ግን ሓባቢለ ስለምንታይ ከም ትፈትዎ ከዛርባ ሜላ ሃሰስ በልኩ፣ በብቑሩብ እውን ብልሓት ረኺበ። ብዙሕ ምኽንያት ኣይሃበትንን። ግን ካብቲ ኣዝዩ ዝማረኻ ድማ እንሆ። እዚ ብሩኽ ፕረዚደንትና ካብ ቤተ-ክርስትያን ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን። በዓል ኣብ ዘለዎ ይኸይድ ኣብኡ ድማ ንረኽቦ ስለዚ ቅዱስ ኢዩ በለትኒ። ከም ዝተቐበልክዋ ዘስምዕ ቃል ሂበ። ብኻልእ ድማ ካብቶም ሰበ ስልጣናት ክረክብ ሃሰስ ኢለ። ናይ ብሓቂ ዲዩ ኢሰያስ ቤተ-ክርስትያን ዝሳለም ክብል ሓተትክዎም። ዘርእዩኒ ኩራን ቁጠዐን ድማ ዝኻዕበተ ኢዩ ነይሩ። ግን ብተደጋጋሚ ብፈሳሲን ምግብን ጋቢዘ ኣለስለስክዎም። ባዕሎም ከይሓተትክዎም ኣብ ካልእ እዋን ከምዚ ክብሉ መለሱለይ። „እወ ኢሰያስ ጭርም ይሓድር እሞ ኣብ ወጋሕታ ኣብቲ በዓላ ዝኸበረላ ቤት-ክርስትያን ዝርከብ ቀጽሪ ህዝቢ ኣብ ዝርአ ከባቢ ጋቢ ተኸዲኑ መንደቕ ይስዕም በሉኒ“ „ግን ኣልኮሉ ከይጨንዎም ንሕልዎ“ኢና በሉኒ። እቲ ቀንዲ ዘሕዝን ድማ ብኸምዚ ሕሱር ጸወታ ንሃገር እንዳትጻወተ ከመይ ገርኩም ንሓደ ሓሳዊ ሰብ ክትግልሉ ኣይትኽእሉን ክብል መደርኡ ወደአ።*

ከምቲ ናይቶም ተባዓት ጉጅለ 15 ክሳብ ብጋዜጥን ጽሑፍን ምስኡ'ውን ንህዝባዊ ባይቶ ጻውዒት ገይሮም ዘካይደዎ ግሉጽ ሓቅታት፣ በቶም ደገምቲ መንግስቲ ክቕበልዎ ኣይደለዩን። ሃገርን ህዝብን ኣይኮነን ድልየቶም። መንግስቲ ዝነቅፍ ጸላእ ሃገርን ህዝብን ከም ዘይኮነ በሪህሎም ኣይፈልጥን። እቶም ደገፍቲ ፍርድን ፍትሕን ስለ ዘይርድኦም መገባእያ ዝበሃል እውን ሰሚያም ኣይፈልጡን። ሓቂ የውጽኡ እንበር ዘውሖም ኣይረኽቡን። ኩሉ ኣባል ህዝቢ ኢየ በሃልን መጽቀጥን ፍርሒ ድዩ በለጽ እንሆ ሎሚ ዘጽቀጽጠን ዘየጽቀጠን ብሓባር ኣብ ርእሱ እታ ዓስቢ ትምን ምጽቃጥን እንታይ ከም ትመስል ይረኽባ ኣሎ። ናይ ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ'ውን ገለን *,,ንሶም ተኻፊልቲ ነይሮም፣ ወይ ድማ ብጥይት ዘይቀትልዎ፣ ወይ ሜልኦም ጉጉይ ነይሩ ዝብል ምስምስ የስምዑ።* እዚ ምኽኑይ ኣይኮነን። ንህዝቢ ካብ ገለጹ፣ እንተ በቲ ዘቕርብዎ ሕቶታት ተሓተቲ ክኾኑ፣ ወይ ድማ ኣብ ዘየድልን ኣብ ዘይእዋኑን ጉጉይ ሜላ ተጠቒሞም ወይ ካልእ ዘይተገልጸ ምኽንያት ይሃልዎም ብግሉጽ ተኸሲሶም ኣብ ፍርዲ ክቐርቡ ምተገበአ እንበር በይናውን ጎድናውን ፍርድታት ትንታኔ ክዘንቦም ኣይመተገበአን። ሃገሩ ዝፈቱ ነብሱ ኣሕሊፉ ንሓቂ ምግላጹ ናይ ጅግና ጅግና ይገብሮ። እኳ ድአ ባ|ሎም ኣብቲ ነዊሕ ናይ ሰውራ እዋን ተኻፊልቲ ብምንባሮም ንኹሉ ይቀላዕ ምባሎም ሕጹባት መዓንጣ ኢዮም። ብድሕረና ምስ ሓለፍና ይገለጽ ኣይበሉን። ህዝቢ ሕበሬታ ኢዩ ዝደሊ። ፍትሒ ከኣ ይመሚ፣ ካልእ ምርጫ ድማ የለን። ጎደና ደሞክራሲ ንሳ ጥራይ ኢያ ክትከውን ትኽእል ነይራ። ምዘንዎ ምዘኑኒ ዝብ ኣበይ ይርከብ።

ኢሰያስ ንዝተወሰነ ግዜ ስቕ ዝበለ ክልተ ነገራት ከም ሓበሬታ ክረክብ ስለ ዝደለየ ጥራይ ኢዩ። ጸጥታን ንብረት ሃገር ኣብ ኢዱ ስለ ዘሎ፣ ስለ'ዚ ህዝቢ ስሚዕቱን ናዕቢ ምልዓሉ ወይ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ኩነታት ከይፍጠር ከመይ ዝበለ ስጉምቲ ንምውሳድ ክግምግም ክጽበ መሪጹ። ኣብቲ ሰራዊት ክሳብ ክንደይ ፍኒሕኒሕ ዝብል ኣካል ከም ዘሎ ብናይ ሃሱሳቱ ምጽራይ ዝበለጸ ስጉምቲ ከም ዝኾነ ተረዲኡ። ልክዕ ካብ ሃይለ ድሩዕ ከም ሃገርን ህዝብን ኣብ ዘየድሊ ሕማቕ ኩነታት ዘየእቱን ዕልዋ መንግስቲ ምክያድ ዘይድግፍ መርገጺ ነይርዎ። መንግስቲ ውላድ ህዝቢ ኢያ ክብል ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ዝምህር ዝነበረ ፍጥረት ኢዩ። ጋህዲ ዲዩ ሕልሚ ንነፍስ-ወከፍ እገድፎ። መንግስቲ ብሰላም ምትሕልላፍ ዝብል መርገጺኡ ኣሚኑ ህይወቱ ክኸፍል ድሉው ኢዩ ነይሩ። ካብ 1967 ንኹሉ ወጥርታት ብሜላ ምፍታሕ ዝብል መርገጺኡ ምስ ድስፕሊን ሓዊስካ ከም ጭቡጢ ገይሩ ይወስድ። ብዕልዋ መንግስቲ ሰላምን ቅሳነትን ዘውረዳ ወይ ዝተረጋግአ መንግስቲ ዝተኸላ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣይተራእያን ዝብል

መግለጺኡ ንምትግባር ሓንቲ ደቒቕ እንተኾነ ፍንትት ኢሉ ኣይፈልጥን። ምእንቲ ጥምረት ምምሕዳር ምስቲ እኩብ ናይ ፈጻሚት ኣካል ድንጋጌ ይምእዘዝን ይኸይድን። ንናዕብን ህውከትን ከወግድ ካብ ተኣፋፋይ መደረን መግለጽን ይቑጠብ። ብናይ ብዙሓት ድምጺ ይስራዕን ይቕበልን፡ ኣብ ቀጻሊ ክኸውን ዘለዎ ይጉስጉስ ንዝተዘለ ሓቅታት ብዘይ ምምዕዳው ኣብ ውሽጢ ይምዕድ ይነቅፍ። ሃገር ንምድሓን እውን ኣብ ኣልጀርስ ዘርኣዮ ናይ ዲፕሎማሲ ብቕዓቱ ንኹሉ ርኡይ ነይሩ። ኣብ'ቲ ናይ ወጥሪ እዋን ኣዕሩኽ ዘጥረየ ሰብ ፍሉይ ብቕዓቱ ነይሩ። ተማሪኹ ነቶም ዝመረኽዎ ሓለውቲ ምስቲ ስቅያቱ ብትብዓቱ ዘረደአን ብመግረፍቲ እውን እተኾነ ኩሉ ዝባኑ ዝረኣየ ይፈልጦ። ፈጺሙ ኣይተንበርከኸን። ከም ጴጥሮስ ሰለሙን ዝኣመሰለ ንኹሉ ሃገርውን ኣህጉራውን ሓበሬታት ዝህብ ጅግና ኣብ ጎድኑ ሒዙ ኢዩ ኩሉ ግዜ ዝንዓዝ ነይሩ። ፍልልያት ኣይነበሮምን ዝብል ሕቶ ክለዓል ይከኣል ይኸውን ግን ዲስፕሊን ዝቐየዶም ብምንባሮም እታ ናይ 15 ጉጅለ እታ ኣዝያ ዝተመኮረት ኣካል ኢያ ነይራ። ነቲ ብናይ ጋዜጠኛ ሞያ ዘይተማህሩን ተባዓት ጋዜጠኛታት ምፍጣር ጽቡቕ ዕድል ዝረኸቡ ጉጅለ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም። ናይቶም ውፉያት ጋዜጠኛታት በርቃዊ መስታ ንኤርትራ ሓደ ዓቢ ዝላ ንቕድሚት ዝህብ ወስታ ኢዩ ተሳሒቱ። እቶም ልዑል ኣስተዋጽኦ ዘበርከቱ ኣብቲ እዋን እተ እተፈጥሩ ጋዜጠኛታት ውፍያትን ሓርበኛታትን ክጠፍኡን ክበርሱን ንሃገር ዓቢ ዕንወት ኢዩ። ሰውራ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኢዩ እኮ ተኻይዱ። እምነቶም ኣብ ህዝቢ ኣንቢሮም፣ ነቲ ዝተቓለሱሉ ህዝቢ ክሕብርዎ ዝፈተኑ። ህዝቢ ከውሕስ ብዘይ ምኽኣሉን ካብ ዘየውሕሰን ተርኡን ካብ ዘይጻወትን፣ እዚ ዘሎ ኩነታት ምፍጣሩ ዘገርም ኣይኮነን።

እዚ ሎሚ ኣብ ናይ ሓጽብታት፣ ድልድላት፣ ናይ ጽርግያ ናይ ትምህርቲን ሕክምናን ካልእ ህንጻጻትን ትሕተ ቅርጽን ኣቐድም ኣቢሊ ከም ዳግመ ህንጻ ሃገር ዝተመደበ መደብ ኢዩ። ካብ እዋን ጀልሃንቲ ንደሓር ንኤርትራ ገጸይ ኣምሪሐ ኣይፈልጥን። ምስቲ ውድብ ብዝተበየነለይ ናይ ሞት ፍርዲ ርሒቐ ነይረ። ኣብ 1987 ኣቢሉ ብደራጎን ሃይለ መለኮት ኣቢላ ሓንቲ ደብዳቤ ካብ ኢሰያስ ናባይ ዝተጻሒፋት ደብዳቤ ነይራ። ኣብ ከለን ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበሩ ኣባላት ሻዕብያ ኩሎም ዝፈልጥዎ ሓቂ ኢዩ። ነታ መልእኽቲ ክቕበላ ከለኹ ኣብ ኮርቲና ትበሃል እንዳ ካፌ ሒዝዋ ደራጎን ይመጽእ። ክፍትን ዝርግሕትን ብምንባራ ብጣዕሚ ገሪሙኒ። ነቲ ትሕዝቶ ክቕበሎ ኣይደለኹን። ናይዝጊ ክፍሉ እውን ንጀርመን መጺኡ ስለ ዝነበረ ብብሕቲ ረኺቡኒ ነይሩ። ቅድሚ እዚ እዋን እዚ ኣነ ምስ ሓደ ትካል ናይ ጀርመን (Trucker Klub oder Brumis) ትበሃል ምስ 18 ጀርመንውያን ንሱዳን ብረድኤት ከይደ ነይረ። እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ምስ ሓደ ናይ ZDF ጋዜጠኛን ሓደ ሓኪምን ንናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝውዕላ 4 መርሰደስ 4 ማን ዝዓይነተን ናይ ጽዕነት መካይን ሕዚና ኢና ዝተበገስና። እቲ ተበግሶ ድማ ነቶም ኣብ መዓስከራት ሱዳን ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከባቢ ገዳርፍ ዝርከብ ቦታ ሰፈሮም ስለ ዝነበሩ ከም ናይ ማይ ሽግራቶም ንሕክምና ዘገልግላ ከምኡውን ናይ ሎጂስቲክ ኣቕሑት ምብጽጻሕ ንክሕግዛ ተባሂለን ዝቐረባ ናይ ጽዕነት መጎዓዝያ ነይረን። ሓንቲ ካብኤን ኣብ ናይ ጀርመን ወተሃደራዊ ኣገልግሎት (Field Service) ተገልግል ኣብ ዱርን ጭቃን እዋን ፍሉይ ዕማም ዘለዋ፣ ካልኣይቲ ድማ ንሕክምና ተባሂላ ዝተመደበት ብናታ ጀነሬተር ተሓጊዛ መግብ ትኽሽንን እኹል ናይ መዝሓሊ ፍሪጅ ዘለዋ ነይራ። ንኹሉ ንገብሮ ምንቅስቓሳት ድማ ዲፕሎምሲያዊ ጽላል መንግስቲ ጀርመን ኣይተፈለየናን። ቀንዲ መበገሲና ካብ ቨነዝያ ኢዩ ተመዲቡ ነይሩ። ኣብ ጥቓ ቨነዝያ ትርከብ ማተረ ትበሃል ወደብ መካይና ብመርከብ ንእለክሰደሪያ ግብጺ ክንቅጽል ተመዲቡ። ግን እታ ካብ ቨነዝያ ትወስደና መርከብ ብናይ ኣቶም ጩራ ጩረር ስለ ዝተበከለት ናብ ካልእ ወድብ ክንቅይር ተገደድና። ስለዚ ካብ ላስፐዝያ ዝብልዋ ወደብ ጥልያን ኢና ተበጊስና። እታ ዘሳፈተትና ወይ ዝሓንገጠትና መርከብ ዓይን-ጋሉት ትበሃል ናይ ምስሪ ኢያ። እተን መካይን ካብ ኮብለንዝ ጀርመን ክሳብቲ ወደብ ብመሬት እየን ተጓዒዘን። ሓያላትን ንወተሃደራዊ ስራሓት ዝተመዘዛ ናይ ጽዕነት ኢየን። ኩለን ናይ ርክብ ረድዮ ዘለወን ከምኡውን ዝተፈላለየ ናይ መግብን መድሃኒትን ብፍላይ ንቆላዊ (ትሮፒካዊ ኣየር) ዘገልግል ዝተጻዕነ እቕሑት ነይረወን። ጉዕዝና ብዘይካ ኣብቲ ኣብ ቨነዝያ ዘጋጠመ ሽግር ካልእ ብጽቡቕ ቀሲሉ ኣብ ፖርትሱዳን ኣብ ዝኣተናሉ ድማ ናይ ቀይሕ መስቀል ኮነ ናይ ሕቡራት ሃገራት ረድኤት ዝልግሳ ትካላት ኢየን ተቐቢለናና።

እቲ ቀንዲ ጸገም ዝተፈጥረ፣ እቲ ERA ዝበሃል ናይ ረድኤት ማሕበር ኤርትራ ብበዓል ደራጎን ዝምራሕን ካልኦት ኣባላት ዘሰንይዎን ንሜዳ ስለ ዝተገልጸ፣ ከምኡውን ከይተሰምዐን ከይተገልጸን ንሱዳን ምእታውና ጠፋእና ዝብል ዓበድበድ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኢዩ ኣትዩ። ናይ ገንዘብ ምንጭና ዓነወ፣ ዝምድናና ድማ ብቐንዱ ብኹሊት ብጎድኒ ዝኣትዉ ትካላት ተፈጢሮም ዝብል ንከስዕኦም ዝቐጠነ ሕማም ሸቐልቐል ኣበሎም። እቲ ሕቶ ግን ከምኡ ኣይነበረን። ጀርመናውያን ቅድሚ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ኣብ ታንዛንያን፡ ኣብተን ናይ ማያት ዓድታት ሩዋንዳን ብሩንድን  ናሚብያን ከም ገዛእቲ ኮይኖም ንሓጺር እዋን ኣትዮም ስለ ዝነበሩ ምስ እዘን ሃገራት ገለ ጀርመናውያን ምድንጋጽ ነይርዎም።

ኣቐዲሞም 10 መካይን ንብሩንዲ ኣብጺሖምን ለጊሶምን ንሰን ድማ ጽቡቕ ኣገልግሎት ክህባ ምስ ጀመራ ብኡኡ ተታባቢያም ንካልኣይ ግዜ ክልግሱ ወፊሪ ይጅምሩ። ይኹን እንበር ኣብታ ማሕበር ወሳኒ ቦታ ካብ ዝነበሮም ሰባት ኣብቲ ከባቢ ኣነ ዝነብረሉ ከም ዕርክነት ዝተፋለጠ ሓደ ዓርኪ ነብረኒ። በዚ ዓርኪ እዚ ኣቢለ ድማ ክልተ ግዜ ንሓንቲ ሃገር ካብ ትረድኡ ሎሚ ህዝብና ኣብ ሱዳን ከም ስደተኛ ተዓቚቡ ስለ ዘሎ ንዓና ዘይትሕግዙና ዝብል ሕቶ ኣቕረብኩሉ። መጀመርያ ሓደ ኤርትርዊ ዓርከይ እሞ ውዱ ብልግነት ዝሓዝኩሉ ሰብ፡ ኣብ ሓንቲ ሆስፒታል ይሰርሕ ስለ ዝነበረ ምስ ሓንቲ መሳርሕቱ ጽቡቕ ምቕርራብ ነበሮ። እታ ሰበይቲ እውን በዓልቲ ቤቱ ነቲ ኣነ ዝፈልጦ ጀርመናዊ ነበረት። ማለት እቲ ኣነ ዝተላለኽዎ ሰብ በዓል ቤታ ኢያ። እቲ ኣብ ላዕሊ ጠቕሰዮ ዘለኹ ንህዝብና ክወሃባ ዝብል ሕቶ ጥራይ ዘይኮነስ ረድኤት ንስደተኛታትና ረድኤት ክግበረሎም ዝብል ሕቶ ስለ ኢዩ ዝተላዕለ። ብወገን እቲ ዝተፈላጥክዎ ጀርመናዊ ኣብ ጉባኤ ክዛረብሉ መደበ። ኣብቲ ጉባኤ ተጸዊዐ ድማ ሓበሬታ ክህብ ይሕተት። እቲ ጀርመናዊ ካርል ሃይንዝ ኪሊ ዝተባህለ ኣቐድመ ናይቲ ክበብ ኣባል ክኸውን ዕድል ሃበኒ። ቀጥዒ እውን መላእኩ። ቀጺሊ ድማ ኣብ Brilon (ብሪሎን) ዝትሃል ከተማ ከይደ ሓበሬታ ክህብ ዕድመ ገበረኣይ። ኣብቲ ጉባኤ እውን ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ነቲ ዝተባህለ ሓገዝ ንሃገሩ ክልገስ ብኣካል ተረኺቡ ሓተተ። ኣነ ኤርትራዊ ሙኳነይ ምስ ፈለጠ ኣብ ነድርን ዘይጽፉፍን ባህሩ ተራእየ። ናይ ፖለቲካ ዘመተን ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ኣባል ሕቡራት ሃገራት ዝኾነት ኢትዮጵያ ይካየድ ከም ዘሎ ገይሩ መግለጺ ኣቕረበ። ኣነ ኣባል ሽፋቱን ግበረ ሽበራዊ ሰብ ከም ዝኾነ ገይሩ ገለጸኒ። ኢሰያስ እንተዝሰምዖ ኣንገናዕ ምበሎ። ኮይኑ ግን በቲ ዘርኣዮ ሙግቡዕባዕ ንሕቶይ ባዕሉ ዝያዳ ከም ዝበርህ ገበሮ። እሱ እውን እዚ ኣብዚ ካብ በለ ህዝቢ ኤርትራ ሓቂ ኢዩ ክስደድን ክሃድምን ተባህለ። ጉባኤ ብዘይ ገለ ተቓዋሚ እተን መካይን ንሱዳን ክኸዳ ተመደበ። ግን ካልእ ሽግራት ድማ ተከስተ። መንግስቲ ሱዳን ነተን መካይን ብኸመይ ይቀበለን? ዋንነተን መን ይኹን? ቀይሕ መስቀል ተቐቢሉ'ዶ የሰርሓየን? ቀጻሊ ናይ ህላዌኤንን ናይ መራሕቲ መካይን ዶሞዝን ናይ ነዳዲ ወጻእን መን ይሰከሞ? ብመጀመርያ መንግስቲ ሱዳን ተቐቢሉ ንረድኤት እርትራውያን ክውዕላ ብዘይ ገለ ተቓውሞ ኣፍቀደ። ካልኣይ መንግስቲ ጀርመን ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ወጥሪ ከይኣቱ ንናይ ስደተኛታት ትካል ሕቡራት ሃገራት ክምውለን ሕቶ ኣቐረበ። እቲ *United Nation High Commission fror Refugee UNHCR) ተቐቢሉ ከመሓድረንን ኣብ ትሕቲ ጽላሉን ክኾና ተወሰና። ሕሰቡ እተን መካይን ረድኤት ዝህባሉ ቦታ ወይ መዓስከራት ዝርከቡ ስደተናታት ምስኣም ተሸጉጦም ምስ ሻዕቢያ ርክብ ዘለዎም ናይ ስለላ መርበባ ከም ዘለዉ ኣይትስሓቱ። ግን እቲ ፍጻሜ ንመራሕ ህግደፍ ሃንደበታዊ ጽፍዕትን ኣብ ዕብዳን ዘእተወ ኢዩ ነይሩ። ኩሉ ምስጢራውን ሕቡእን እሞ ድማ ኣብታ ብሙስጠፋ ኑርሕሰን ትሕመስ ፖርት ሱድን ሃንደበት ክንኣቱ ንዓይ ዘገርምን ዓቢ ዓወትን ኢዩ ነይሩ። ኣብ መውዳእታ 1979 ከም ስንኩልን ድኻን ንዑቕን ዝርኣኒ ዝነበረ ሙስጠፋ ሎሚ ሰፍ ዘይብል ናይ ረድኤት መካይን ሒዞ ክኣቱ፣ ንሙስጠፋ ዘይወሓጠሉ ነይሩ። ድሓን መስጠፋ ሓዲሽ ተዓላሚ ኣብ ብለቓት ኢየ ዝፈልጦ። ለመጭ ንረብሕኡ ዝመውት ከም ዝኾነ ግን ድማ ንፍሉይ ዕማም ካብ ሱዳን ከም ዝመጸ ገና እትው ክብል ከሎ ኣይሰሓትክዎን። ኣብቲ ኣነ ዝዕልመሉ መዓስከር ስለ ዝዓለበ ዝምድንኡን መደቡን ይግምግም ነይረ። ሓንቲ ከይረኣየ ኢዩ ድማ ሎሪ ክዝወር ዝተመደበ። ከም ዘዋር ሎሪ እዚ መስጠፋ ኑርሑሰን ሎሚ ላዕለዋይ ናይ ኢሰያስ ኢደበይዛ ኮይኑ ምስኡ ከይተረፈ ካብ መንደፈራ ውጽኣ ኢልካ ንዓዲ ኳላ ዝኸይድ ኣንፈት ትርከብ መሸታ መዛናግዒት መስተ ክጭል ዝሓድር ገና እውን ምዝንባል ሓረስቶት ደቡብ ናብ ባርካ ዘሰፍር ጉሒላ ኮይኑ ኣሎ። ሽዑ ልክዕ ከምዚ ሎሚ ንዞባ ደቡብ ዝሕምሳ ዘሎ ንኹሎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣናት ሱዳን ኣብ ማሕፉዱኡ ከቲቱ ነይሩ ክበሃል ይከእል። ከምቲ ኣነ ምስ ብጾተይ እንዳ ተሃደና ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ብጾትና ንነብር ዝነበርና ስንኩላት። ሙስጠፋ ነቲ ቀንዲ መናሃርሃያ ንብረትን ገንዘብ ዝቆጻጸር ብምንባሩ፣ ብኹሉ መዳያ ቅጽጽ ዝበለት ማሕፉዱኡ ተኣማሚኑ ንኣማሓደርቲ ፖርት-ሱዳን ገንዘብ ኣዋልድን ዘቕርብ ኢዩ ነይሩ። መስጠፋ ናይ ወጻኢ ሉኡኽ ዘብጽሕ ብቕዓትን ትምህርትን እውን ኣይነበሮን። ካብ ዘይተመኩረ ተጋዳላይ ናብ ቃንጫ ትመስል ቶዮታ ተዋሂባቶ ንዓለም ኣይትጹርኒ ዝብልን ጨውዩ ሰብ ንሜዳ ዝሰድድን ሕሱም ኣራዊት ኢዩ ነይሩ።

ኣብቲ 5ይ ክፋል ንቲ ናይ ቁጠባ ወፍሪ ምቅላዕ ጀሚረዮ ዘለኹ ኣርእስቲ ብሰፊሕ ክቕጽሎን ካልእ ዝተፈላለየ ጉዳያት ሓዘል ጉዳት ከቃልዕ ኢየ። ገና ብዙሕ ዝወጽእ ኣሎ። ክቡራት ህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝገልጸ ንዓይ ይቐለኒ ንስኻትኩም ድማ ተሳኹምኒ በሃላይ ኢየ። ኣብ ቀጻሊ ሓምሻይ ክፋል የራኽበና።

*ተስፋ ዘውደ።*
08.08.2009